# ምዕቋር ! *ጠንቂ ናይ`ቲ ኣብ ዓለምና ዘሎ ጥምየት*

ኣወልኸር ዓ/ሓፊዝ

ካብ ኣፍ መንጢልካ ምብላዕ ኣብ ሰብን እንስሳን ዝረኤ ጠባይ`ዩ።

ካብ ኣፍ መንጢልካ ምዕቋር ግና ኣብ ደቂ ሰብ ጥራሕ ዝረኤ ግናይ ጠባይ`ዩ።

እዚ ግናይ ጠባይ`ዚ ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ናይ ምጥማይ ደቂ ሰብ ኣብ ዓለምና ኮይኑ ምስቶም ዝተረፉ ካለኦት ጠንቅታት ከምበዓል ውግእ ..... ከኣ ዘተኣሳስሮ ነገራት ኣለዎ።

ፈጣሪ ነዛ ሜሬት ንተቀመጥታ ዝኣክል ምግቢ ኣስኒቑ ከምዝፈጠራ ርግጽ`ዩ፤ ዝኾነ ኾይኑ እቶም ነዚ ማሰረተ እምነት`ዚ ንኣምንን ዘይንኣምንን ብሓደ ንኽንሓስብን ንፍታሕ`ቲ ጸገም ብሓደ ክንጓዓዝን ምእንቲ ፤ ብኽንፈላለየሉ ዘይንኽእል መንገዲ ማለት ቁጽሪ ናይቶም ጸሞም ዝሓድሩን ማጠን`ቲ ኣብ ኢድ`ቶም ዓቆርትን / ገበቲን ዘሎ ኣነጻጽርና ንርኤ። ሽዑ ድራር`ቶም ጠሞያት ኣብ ኢዶም ክበጽሖ ዘይክእል ቦታ ተዓሺጉ ከምዝሎ ሓቢርና ከነረጋግጽ ኢና።

ብዛዕባ ሃብትን ድኽነትን ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘለኹ፤ ሃብትን ድኽነትን ደቂ ሰብ ንቆጻጸሮ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዛዕባ`ቲ ክንቆጻጸሮ ንኽእል ጽጋብን ጥምየትን`የ ዝዛረብ ዘለኹ፤ ዓለምና ሎሚ ኣስታት 815 ሚልዮን ጠሞያት ኣለውዋ ማለት ኣብ ውሽጢ9 ሓደ ጠማይ （UN 2017 ）።

ነቶም2 ደቃ ሓንቲ እንጀራ ዝነበራ ኣደ ሓደ ጋሻ ተጸንቢሩዎም ኣብ ክንዲ ፈፍርቆም ሰሲሶ ሂባ ንሰለስትኦም ከተድርር ብዙሕ ትሓስበሉ ጉዳይ ኣይማስለንን ! ከም ናይ`ዘን ኣደ ኣእምሮ ዘይብሉ ሰብ ከኣ ህዝቢ ከመሓዳድር ኢሉ ክሓስብየ ብሉን።

ጥምየት ክንቆጻጸሮ ንኽእል ጉዳይ`ዩ ።

ስለዚ ኣብ ሓደ መውከሲ ዘለዎ ፤ ንጥምየት ምቊጽጻር ዝተኻእለሉ፤ ተሰደቅቲ / ተሙጽወቲ ሰደቀኦም / ምጸወተኦም ዝቅበል ድኻ ዝሰኣንሉ፤ ጥምየት ክንቆጻጸሮ ንኽእል ጉዳይ ምዃኑ ዝተረገጋገጸሉ ምዕራፍ ታሪኽ ደቂ ሰብ ደውኢለ ንኸሜይነት ምቊጽጻር ጥምየት ክትንትን`የ።

እቲ ዘመን፤ ዘመን ግዝኣት ዑመር ዓብደል ዓዚዝ (682 – 720 ድሕሪ ልደት) 8ይ ኸሊፋ ኡመዊ`ዩ ፤ ስፍሓት ግዝኣቱ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስያ - ማእከላይ ምብራቕ - ሰሜን ኣፍሪቃ - እስፓንያ ።

ታሪኽ ናይዚ ንጥምየት / ንድኽነት ዝሰዓረ ጅግና መራሒ ዑመር ዓብደል ዓዚዝ ዝምህረና ኣገደስቲ ነገራት፡ -

- እዚ ዕድሜኡ 40 ዓመት ቅድሚ ምምልኡ ዝሞተ መራሒ፤ ንቡቁዕ መራሒ ምኳን ዕድመ ወሳኒ ከምዘይኮነ ። ማለት ብቁዕ መራሒ ካብ ውሽጢ መንእስያት ይኹን ሽማግሌታት ክርከብ ከምዝኽእል።

- ንፍትሓዊ ምኳን ድሕረ ባይታኻ ናይ ውጹዕ ሸነኽ ክኸውን ኣለዎ ዝብል እምነት ፉልሶ ምኳኑ፤ ምኽንያቱ ዑመር እብኒ ዓ/ዓዚዝ ድሕረ ባይትኡ ካብ ኑጉሳዊ ስድራቤት`ዩ ።

- ጥምየት ካብ ግዝኣትካ ንምውጻእ እኹል ግዜ የድሊ ዝብል ምምኽናይ`ውን ፉልሶ ምኳኑ፤ ምኽንያቱ ዑመር እብኒ ዓ/ዓዚዝ ኣብ ስልጣን ዝጸንሓለን ክልተ ዓመትን ፈረቃን ጥራሕ`የን።

- ብዝሒ ህዝቢ ጥምየት ንምጥፋእ ከምኣሸጋሪ ገርካ ምቕራብ ሀለውለው ምኳኑ፤ ምኽንያቱ ዑመር እብኒ ዓ/ዓዚዝ ዘመሓድረን ዝነበረ ሃገራት፤ በዚ ናይ ሎሚጀኦ ፖለቲካ ልዕሊ 20 ሃገራት`የን።

ስለዚ ጥምየት ንምጥፋእ፤ ብሓፈሽኡ ኸኣ ፍትሒ ንምርግጋጽ፤ እቲ ወሳኒ ሮቛሒ ፍትሓዊ መራሒ/ ብፍትሒ ዘመሓድር መንግስቲ`ዩ ።

ፍትሓዊ መራሒ ማለሌይኡ እንታይ`ዩ ?

- ጽልኢ ስልጣን ! ህዝቢ በጀካኻ ካልእ የብልናን ምስ በሎ ንስልጣን እናጸለኦ ከምመሪር መድሃኒት ንሕመም ማጠን ዝቅበል ሰብ ክኸውን ኣለዎ ።

ዝኾነ ንስልጣን ክጓየ፤ ንምእንቲ ስልጣን ንጻዕዳ ከጸልም ንጸሊም ከጻዕዱ፤ ስልጣን ዝበሃል ክሰምዕ እንኮሎ ኣፉ ማይ ዝሜልእ ሰብ ሪኢኻ ካብዚ ፍትሒ ኣይትጸበ።

ዑመር ዓ/ዓዚዝ እቲ ቅድምኡ ዝነበረ ንጉስ ክወርሶ ምስ ተላበወ ፤ ህዝቢ ኸኣ ምስ መረቆ ። ንህዝቢ ኣኪቡ ፤ ነቲ ስልጣን ከምመከራ ቆጺሩ “ እዚ

ወርዱኒ ዘሎ......... “እናበለ`ዩ ዝገለጸ። ህዝቢ ካልእ ዝኾኖምክሚጹ፤ ምሯቀኦም(ድምጾም) ክስሕቡ ምስ ጠለቦም፤ ህዝቢ ኣይፋልና ! ንዓኻ ኢና ንደሊ ኢሉ ምስ ኣቕበጸ`ዩ ዝሚሒ።

- <u>ጽልኢ ሓለፋ !</u> ንሱ ይኹን ስድራ ቤቱ ወይ መቕርብኡ ልዕሊ ሰቦም ሓለፋ ክህልዎምዘየፍቅድ ሰብ።

ዑመር ጸሙዝሓድር ሰብ ዘይብላ መንግስቲ ክምስርት ዝኽኣለ ኣካይድኡ ናብኡ ዘብጽሕ ስለ ዝነበረ`ዩ። ንኣብነት ቤተ መንግስቲ ምስ ኣተወ በጀካ`ታ ዝጓዓዘላ በቕሊ ኩሊ`ቲ ኣብ ቤተ መንግስቲ ዝጸነሖ ንብረት ይኹን ናይ ግሉ ንብረት ንቤተ ሜል (ንብረት ህዝቢ) ክኣቱ ኣዘዘ ።

ነታጓል 5ይ ኸሊፋ ኡመዊ፤ ሓፍቲ 6ይ፡ 7ይ፡ 9ይ፡ 10ይ ኽለፋእ (ነጋውስቲ) ዝኾነት በዓልቲ ቤቱ ” ሽልማትኪ`ዶ ንዓይ ትሚጺ ?” ምስ በላ ንዕኡ ከምትሚጽ ምስ ገለጸትሉ ሽልማታ ብምልኡ ንብረት ህዝቢ ኾነ ።

ንጉሳውያን ቤተ ሰብ ብዘይ ግቡእ ዝወነንዎ ሜሬት ይኹን ንብረት ከኣ ናብ ንብረት ህዝቢ ከምዝኣትውገበረ።

- <u>ቆራጽነት</u> ! ፍትሒንምርግጋጽ ሰጋእ ዘይብል ሰብ።

ዑመር ንስለ ፍትሒ ብዘይ ሰጋእ መጋእ ምስጓሙ“ ንዓበይቲ ” ብምድፋሩ ንኽሙጾ ዝኽእል ተጻብኦ ዋጋ ዝህብ ሰብ ኣይነበረን፤ ካብ ንሂወቱ ምሕላው ንላዕሊ ዘገድሶ ዝነበረ ንፍትሒ ኣንጊስካ ምሕላፍ ስለ ዝነበረ፤ ንዓለምና ጥምየት ክንስዕሮ ንኽእል ሽግር ምኺኑ ኣብ 2 ዓመትን ½ ኣምሂሩን ኣፍሊጡን ብጸላእቱ (ብስሚ) ተቐትሉ ሓለፈ ! ! !

- <u>ዘይምንሓፍ</u> ! ቅድሚኣብ ስልጣን ምብጽሑንጌጋ ብምንቃፍ ዝተፈልጠ፤ ንፈላጣት ዘኽብርን ቦተኦም ዝሕሉን ካብ ምኽሮም ዝጥቀምን ክኸውን ኣገዳሲ`ዩ ።

ዑመር እብኒ ዓ/ዓዚዝ ቅድሚሓላፍነት ምስካሙን ሃለዋት`ታ ሃገርን ህዝብን ይከታተል ስለ ዝነበረ ስልጣን ምስ ጨበጠ ነቶም ማጠፋፋእቲ፤ ነቶም ጨኮንቲ ካብ ስልጣን ኣርሓቖም። ኣማኸርቱ ኸኣ ብፍልጠት ዝላዓሉ፤ ጽፉፋትን ነበሩ።

ዑመር ዓ/ዓዚዝ ንጥምዋት ምስ ተቆጻጸረ፤ ንሓዳር ክምስርት ዓቅሚዘይብሉ መንእሰይ ብቤተ-ሜል ክሕገዝ፤ ኣላይኣ ዝተኣስረ ስድራ ደሞዝ ክስላዓለ፤ ንምምሃር ዝተዋፈሩን ተማሃሮኦምን ደሞዝ ክኽፈሎምገበረ።

<u>መደምደምታ</u>

- <u>ከይተደረሩኻ ተማሳሓዮም</u> !

ን ጉዳይ "ከይተደረሩኻ ምማሳሖም' ብምንጽጻር ምስ ታሪኽ ዑመር ዓ/ዓዚዝ ኣዘሚዱ ንኽርእያ ጸጊሙ`ዩ ፤ዝኾነ ኾይኑ ፡ ጸሬ ፍትሒ፧ ፍትሒ ንኽይዕወትን ንምድኻሙ ኣብ ዘካይድዎ ቃልሲ ዝኾነ ዓይነት ማስኬራ`ዮም ዝለብሱ፤ ብዝኾነ መንገዲ`ዮም ዝኸዱ፤ ሓራም ሓላል ኣብ ሙዝገበ ኣእምሮኦም የለን። እንዳወደሱ እንዳጸረፉ፤ እናሰሓቁ እናበኸዩ፤ እናማሓሉ እናጠሓሉ፤ ፍትሒ ንምቅታል`ዮም ዝሰርሑ። ስለዚ ክትግረሃሎም የብልካን ማስከረኦም ብ ምቅላዕ ይኹን ነቲ ብጋህዲ ዘይገልጽዎ ዕላሞም ብምኽሻፍ ከይተደረሩኻ ክትምሳሖምኣለካ።

ዝኾነ ብፍትሒ ክሞርሕ ዝደሊ ይኹን ብፍትሒ ክምራሕ ዝደሊ ንታሪኽ ዑመር ዓ/ዓዚዝ ከንብብ ወይ ክሰምዕ ኣገዳሲ`ዩ

AAHafiz 03/07/2019